# ኤርትራ | ERITREA

## USCIRF– RECOMMENDED FOR COUNTRIES OF PARTICULAR CONCERN (CPC)

U.S. Commission on International Religious Freedom (USCIRF, ኮምሽን ኣህጉራዊ ናጽነት ሃይማኖት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ) ናጻ፡ ናይ ክልተ-ሰልፋዊ ፌደራላዊ መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኮምሽን ኮይኑ ንኣድማሳዊ መሰል ናጽነት ሃይማኖት ወይ እምነት ኣብ ወጻኢ ይቆጻጸር። እዚ ብ ናይ 1998 International Religious Freedom Act (IRFA, ኣዋጅ ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት) ዝተመስረተ ኮይኑ, USCIRF (ኮምሽን ኣህጉራዊ ናጽነት ሃይማኖት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ) ንጥሕሰት ሃይማኖታዊ ናጽነት ወይ እምነት ኣብ ወጻኢ ንምቁጽጻር ኣህጉራዊ መለኪዒታት ይጥቀምን ከምኡ ድማ ናብ ፕረዚደንት፡ ጸሓፊ ስተይትን ኮንግረስን ናይ ፖሊሲ ለበዋታት ይገብር። USCIRF (ኮምሽን ኣህጉራዊ ናጽነት ሃይማኖት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ) ናጻ ትካል ኮይኑ ካብ ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝተፈልየን ንበይኑን እዩ። እዚ ናይ 2021 ዓመታዊ ጸብጻብ ድማ ኣብ ባይታ ዘሎ ምግሃሳት ንምስናድ ብ ኮምሽነራትን ሞያውያን ሰራሕተኛታትን ዝተሰርሐ ናይ ሓደ ዓመት ዝተዋህለለ ስራሕ ይውክልን ከምኡ ድማ ናጻ ዝኾነ ናይ ፖሊሲ ለበዋታት ናብ መንግስቲ ኣመሪካ ይገብርን። እዚ ናይ 2021 ዓመታዊ ጸብጻብ ድማ ካብ ጥሪ 2020 ክሳብ ታሕሳስ 2020 ዘሎ ግዜ ይሽፍን፡ ከምኡድማ ኣብ ገለ ጉዳያት ቅድምን ድሕርን እዚ መቓን ግዜ'ዚ ዝተራእዩ ኣገደስቲ ፍጻሜታት ተጠቒሶም ኣለው። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ USCIRF፡ ነዚ መርበብ ሓበሬታ ኣብዚ ርኣይዎ ወይ ድማ ቀጥታ ን USCIRF ኣብ 202-523-3240 ርኸብዎ።

### ብቐንዱ ዝተረኽቡ

ዋላ'ኳ ብሓፈሽኡ ትሑት እንተሎ፡ ኣብ 2020 ኩነታት ሃይማኖታዊ ናጽነት ኣብ ኤርትራ ዝያዳ ተመሓይሹ እዩ። ናይ ኤርትራ ሰበ-ስልጣናት 240 ናይ ሃይማኖት እሱራት ብዋሕስ ፈቲሖም፡ እዚ ድማ ብምኽንያት ኣህጉራዊ ለበዳ ኮቪድ-19 እዩ ዝብሃል ከምኡ ከኣ ኣብ ናይ ብሃይ ማሕበረሰብ፡ ናይ ኣይሁድ ማሕበረሰብ፡ ከምኡ ድማ ናይ ግሪኽ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ዝነበሩ ቀይድታት ኣፍኲሶም። እንተኾነ ግን፡ እቲ ንሃይማኖታዊ ጉጅለታት ዘመሓድር ጻቓጢ ስርዓት ኣብ ቦቱኡ ኣሎን ከምኡ ድማ ኣባላት "ዘይወግዓውያን" ሃይማኖታዊ ጉጅለታት ድማ ብምኽንያት ምክትታል እምነተን ቀጻሊ ዝኾነ ትካላውን ከቢድን ስደት ኣጋጢምወን። ካብ 2002፡ ጀሚሩ መንግስቲ ኤርትራ ኣርባዕተ ሃይማኖታዊ ኣካላት ጥራይ እዩ ኣብ'ታ ሃገር ክነጥፉ ኣፍልጦ ሂቡን ፈቒዱን፡ ንሳተን ድማ ሱኒ ኣስላም፡ ናይ ኤርትራ ተዋህዶ ቤተክርስትያን፡ ናይ ሮማ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያንን ከምኡድማ ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ እየን። ዋላ'ኳ እዘን ጉጅለታት እምነተን ብወግዒ ከካይዳ እንተተፈቕደለን፡ እቲ መንግስቲ ናተን ንጥፈታት ንምድራትን ንምምእዛንን ቀጻሊ ኣብ ናተን ጉዳያት ኢዱ ኣተኣታትዩ እዩ። ብተወሳኺ እቲ መንግስቲ ብቀጻሊ ንክልቲኦም ናይ ሃይማኖታውን ከምኡ'ውን ዓለማውን ተነጣጠፍቲ፡ ብፍላይ ድማ ነቲ እውጅ መርገጺታት ናይ መንግስቲ ዝቃወሙ ድማ ኣብ ሙሉእ ሃገር ንምስዳዶም ኣዋጅ ቁጽሪ 73 ምጥቃስ ቀጺሉ።

እቲ መንግስቲ ንኩሎም ዕድሚኦም ልዕሊ 18 ዝኾኑ ኤርትራውያን ኣብ ግድነታዊ ዝኾነ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ንዘይተወሰነ ግዜ ክሳተፉ ጠሊቡን ከሙኡ ድማ ኣብ እዋን እቲ ኣገልግሎት ድማ ሃይማኖታዊ ንጥፈት ከልኪሉን። ከም ውጺኢቱ ድማ፡ ብምኽንያት እምነቶም ኣብ'ቲ ውትህድርና ምግልጋል ዝኣበዩ መሰኻክር የህዋ/ጅሆቫ ድማ ዜግነቶም ተሓዲጎምን ናብ ማእሰርቲ ድማ ተወሲዶምን። ካብ ታሕሳስ 2020 ጀሚሩ 24 ናይ የህዋ/ጅሆቫ መሰኻክር ኣብ ኤርትራ ተኣሲሮም ኣለዉ፡ገለ ካብኦም ድማ ንልዕሊ 20 ዓመታት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝጸንሑ እዮም።

ኣብ 2020፡ ካብ ከባቢ 500 ክሳብ 1,200 ዝኾኑ ሰባት ብምኽንያት እምነቶም ኣብ ማእሰርቲ ከምዘለው ይግመት። ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ን ፓትሪያሪክ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ከምኡ'ውን ናይ USCIRF ሃይማኖታዊ ናይ ሕልና እሱር ኣቡነ ኣንጠንዮስ ኣብ ናይ ገዛ ማሓዩር ምሓዝ ቀጺሎም ኣለው። ኣብ ግንቦት 2007 እቲ መንግስቲ ን ፓትሪያሪክ ኣቡነ ኣንጠንዮስ ካብ ስልጣኑ ኣልይዎ። ብዘይካ ፓትሪያሪክ ኣቡነ ኣንጠንዮስ ብተወሳኺ እቲ መንግስቲ ንሃይማኖታውያን መራሕቲ --እንከላይ ካብ ምሉእ ወንጌል ቤተ ክርስትያንን ከምኡ'ውን ካብ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያንን--ሱኒን ከምኡውን ዋሃቢን እስላምን ምእሳር ቀጺሉ። እቶም መራሕቲ ናይ ሙሉእ ወንጌል ቤተ ክርስትያንን ከምኡ'ውን ናይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ካብ 2004 ጀሚሮም እዮም ተኣሲሮም። ሽሕ'ኳ ኣወንታዊ ዝኾነ ዞባዊ ፖሎቲካዊ ለውጢ እንተሃለወ፡ እንከላይ ኣብ ጎረቤት ሱዳንን ኢትዮጵያን፡ ኤርትራ ንቀጻሊ ጻውዒት ናይ ደሞክራስያዊ ጽገና ናይ ሃይማኖታውን ፖለቲካውን ተነጣጠፍቲ ምንጻግ ቀጺላ። ኣብ 2019፡ ናይ ጸጥታ ሓይልታት ንጠለብ ናይ ሃይማኖታውያንን ዓለማውያንን ተነጣጠፍቲ ብ ዘይምሕር ሓይሊ እዮም መሊሸም፡ እዚ ድማ ንዓሰርተታት ካብኦም ብምጉዳእን ዋላ'ውን ብምቕታልን እዩ።

### ለበዋታት ንመንግስቲ ኣሜሪካ

- ንኤርትራ ዳግም ከም "ብፍሉይ ተሰክፍ ሃገር" (CPC) ምስያማ፡ እዚ ድማ ኣብ ትካላውን፡ ቀጻልን ከቢድ ምጥሓሳት ናይ ሃይማኖታዊ ናጽነት ብምጽማዳ፡ እዚ ድማ ከም'ቲ ኣብ International Religious Freedom Act (IRFA, ኣዋጅ ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት) ተገሊጹ ዘሎ እዩ ስለ'ዚ ድማ ነቲ ኣብ 22 CFR 126.1(ሀ) ሕጋጋት ኣህጉራዊ ምንቅስቓስ ናይ ኣጽዋር ተጠቒሱ ዝቕጽል ዘሎ ናይ ኣጽዋር እገዳ ከምኡ ኢሉ ክጸንሕን፡
- ኣብ ናይ ኤርትራ መንግስታዊ ኤጀንሲታት ዒላማ ዝገበረ እገዳታት ምግባርን ከምኡድማ ነቶም ብኸቢድ ምግሃስ ሃይማኖታዊ ናጽነታት ተሓተትቲ ዝኾኑ ውልቀ-ሰባት ድማ ብመሰረት ምስ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ዝተሓሓዙ ናይ ገንዘባውን ናይ ቪዛን መዝነት ነቶም ንጹራት ምጥሓሳት ሃይማኖታዊ ናጽነት ብምጥቃስ ናይ'ዞም ውልቀ-ሰባት ንብረትን ብምድስካልን ከምኡ'ውን/ወይ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ከይኣትዉ ምኽልካሎምን።
- ንመንግስቲ ኤርትራ ነቶም ዝተረፉ ብምኽንያት ሃይማኖታዊ ንጥፈታትቶም ዝተታሕዙ እሱራት፡ እንከላይ ኣቡነ ኣንጠንዮስ ክፈትሕ ምድፋእ፡

- ናይተን ዘይተመዝገባ ሃይማኖታዊ ኮማት መስንግቲ ደው ከብልን ከምኡ ድማ ንመሰኻኽር የህዋ/ጆሆቫ ድማ ሙሉእ መሰል ዜግነት ክህብ ንመንግስቲ ኤርትራ ምጽዋዕን፡ ከምኡ ከኣ፡
- ንመንግስቲ ኤርትራ ድማ ገደብ ዘይብሉ ወግዓዊ ምብጻሕ ናይ ፍሉይ ራፖርተር ናይ ሕቡራት ሃገራት(UN) ኣብ ኩነታት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኤርትራ፡ ናይ ሕቡራት ሃገራት (UN) ፍሉይ ራፖርተር ኣብ ናጽነት ሃይማኖት ወይ እምነት፡ ናይ ሕቡራት ሃገራት (UN) ናይ ስራሕ ጉጅለ ኣብ ናይ ሃውሪ ምእሳርን ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ቀይሕ መስቀልን ክናውሕ ምትብባዕ።

ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ባይቶ ከኣ፡

- ብሕግን፡ ርክባትን መግለጺታትን ጌሩ ንጉዳያት ሃይማኖታዊ ናጽነት ኣብ ኤርትራ ከብርህን፡ ከምኡ ድማ ሰብኣዊ መሰላትን ሃይማኖታዊ ናጽነትን ንክሰጉሙ ንምትብባዕ ምስ ሰበስልጣን ኤርትራ ንምዝርራብ ናይ ባይቶኣዊ ጉጅለ ሉኣኽ ምብጻሕ ናብ ርእሰ ከተማ ኤርትራ፡ ኣስመራ ምግባር።

### ቀንዲ ምንጭታትን & ንጥፈታትን USCIRF

- *ምዕባለታት ሃገር፡ ኤርትራ (ገና ከሕተም እዩ)*
- *ምዕባለ ጉዳይ፡ ዓለማዊ ስደት መሰኻክርየህዋ/ ጆሆቫ*
- *ፕሮጀክት ሃይማኖታዊ እሱራት ሕልና ቅቡል ዝኾውን፡ ፓትርያሪክ ኣቡነ ኣንጦንዮስ*

### ድሕረ-ባይታ

ኤርትራ ካብ 1993 ማለት ካብ ግዜ ናጽነታ ጀሚራ በዓልቲ ሓደ ሰልፊ ሃገር ኮይና ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ፕሪዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ በቲ ግኑን ዝኾነ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክርስን ፍትሕን (ህግደፍ)ዝብሃል ትምራሕ። ቅዋም ሃገረ ኤርትራ፡ ድማ እቲ መንግስቲ ናጽነት ሓሳብ፡ ሕልናን እምነትን፡ ከምኡ'ውን ሰባት ዝመረጽዎ ሃይማኖት ንክኽተሉ ንዘለዎም መሰል ከከላኸሉሎም ኣለዎ ይብል፡ እንተኾነ ግን እዚ መሰል እዚ ኣብ ግብሪ ምክልኻል ኣይግበረሉን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሞንጎ ክርስትያንን (49 ሚኢታዊ) ከምኡ ከኣ ምስልምና (49 ሚኢታዊት ) ማዕረ ኣብ ክልተ ይኽፈል። እቲ ክርስትያን ዝኾነ ህዝቢ ብቐንዱ ኣብ ደቡባውን ማእከልን ቦታታት ናይ'ታ ሃገር ይነብር፡ እቲ ህዝቢ ምስልምና ግን ብብዝሒ ኣብ'ቲ ሰሜናዊ ቦታታት ይነብር። እቲ ናይ ምስልምና ህዝቢ ዳርጋ ዝበዝሕ ሱኒ እዩ፡ እቲ ናይ ክርስትያን ማሕበረሰብ ድማ ዝበዝሕ ካብ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ኮይኑ ንዝተፈላለዩ እምነታት ከም ካቶሊኽ፡ ከኒሻ፡ መሰኻክር የህዋ/ጆሆቫን ጴንጠቆስጠን ድማ ይውከሉ። ከም ተወሳኺ ናይ'ዞም ክልተ ቀንዲ ሃይማኖታዊ ጉጅለታት ውሑድ ማሕበረሰብ ናይ ብሃይ ድማ ኣለው (ከባቢ 200 ሰባት) ከምኡ ድማ ኣዝዩ ንእሽቶ ማሕበረሰብ ናይ ኣይሁድ ውን ኣለዉ። ኣብ መጨረሽታ ድማ ከባቢ 2 ሚኢታዊት ናይ'ቲ ህዝቢ፡ ዝኾኑ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ እታ ሃገር ዝነብሩ ድማ ባህላዊ ናይ ኣፍሪቃ ሃይማኖታት ይኽተሉ።

ኣብ 1995፡ መንግስቲ ኣዋጅ ቁጽሪ 73 ብምውጻእ እዚ ድማ ኢዱ ከእቱን ከምኡድማ ሙሉእ ምቁጽጻር ናይ ፖሎቲካዊ፡ ሲቪካዊ፡ ከምኡ ድማ ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ክገብርን ኣይፈቅድን። ነዚ ሕጊ ተጠቒሙ ድማ ንዓለማውን ሃይማኖታውን ተነጣጠፍቲ፡ ንሰብኣዊ መሰል ስለዝተጣበቑን ከምኡ ድማ ናይ መንግስቲ መርገጺ ስለዝተቓወሙን መንግስቲ ብስርዓት ይጭቁኖም። ኣንጻር እቶም ንመንግስቱ ዝቃወሙ ድማ ምፍርራሕ ማእሰርቲን ምስቓይን ብምጥቃም ድማ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ገቢቱ ይርከብ። ንኣብነት ኣብ 2019 ኤርትራውያን ኣብ ጽርግያ ወጺኦም ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት፡ እንከላይ ሃይማኖታዊ ናጽነት ክኽበር ስለዝሓተቱ፡ እቲ መንግስቲ ነቲ ተቓውሞታት ንምብታን ናይ ጸጥታ ሓይልታቱ ብምውፋር፡ ዓሰርተታት ዝኾኑ ሰለማውያን ተቓወምቲ ቀቲሉን ኣቑሲሉን።

ኣብ ሓምለ 2018፡ ኤርትራ ሓባራዊ ዝኾነ ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን ምስ ጎረቤታ ኢትዮጵያ ፈሪማ፡ እዚ ድማ ነቲ ኣብ ሞንጎ እዘን ክልተ ሃገራት ዝነበረ ናይ ዓመታት ጽልእን ግጭትን ደው ኣቢልዎ። እዚ ናይ ሰላም ስምምዕ ሓድሽ ዘመን ምኽባር ሲቪካውን ፖሎቲካውን ሓርነታት ከእንግድ ትጽቢት ተጌሩሉ ኔሩ፡ እዚ ከኣ ናይ ኤርትራ ዲፕሎማስያዊ ተነጽሎ ስለዘኽተሞ እዩ። እንተኾነ ግን እቲ መንግስቲ ነቲ ትካላዊ ዝኾነ ምርጋጽ ናይ ፖሎቲካዊን፡ ሰብኣዊ መሰልን ከምኡ'ውን ሃይማኖታዊ ንጥፈታትን ቀጺልዎ፡ እዚ ድማ ንጥፈታቶም ብከቢድ ብምኽልካልን ንብዙሓት ካብኣቶም ብምእሳርን እዩ።

### ጭቆና ዘይተመዝገቡ ጉጅለታት ሃይማኖት

እቲ ናይ 2020 ውሽጣዊ ኩናት ናይ ኢትዮጵያ ኣብ ጉዳያት ሃይማኖታዊ ናጽነት ናይ ኤርትራ ቀጥታዊ ጽልዋ ኔርዎ እዩ። ብመሰረት ጸብጻባት፡ Tigray People's Liberation Front (TPLF, ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ) ኤርትራ ንናይ ኢትዮጵያ ወተሃደራት ኣንጻሩ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ ንምፍጻም ብምድጋፉን ምሕጋዛን ከሲሱ። ከም ግብረ-መልሲ ድማ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣንጻር ኤርትራ መጥቃዕቲ ፈንዩ፡ እዚ ድማ ዓሰርተታት ኣሽሓት ኤርትራውያን ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ሱዳንን ኢትዮጵያን ክሃድሙ ብምግዳድ ኣብ'ቲ ዞባ ዘሎ ሰብኣዊ ቅልውላው ኣብኢስዎ። ነዚ ከም ምኽንያት ተጠቒሙ መንግስቲ ኤርትራ ዝያዳ ንናጽነት ምዝራብ እንከላይ ንሃይማኖታዊ ናጽነት ከልኪሉ። ኣብ 2020፡ ስደተኛታት ካብ መስንግትን ካብ ዘይሰብኣዊ ኣተሓሕዛን ናይ መንግስቶም ንምህዳም ብቀጻሊ ካብ ኤርትራ ናብ ጎረባብታ ሃገራት ከም ሱዳንን ኢትዮጵያን ኪኒኦምን ምውጻእ ቀጺሎም።

### ምርጋጽ ንዘይተመዝገባ ሃይማኖታዊ ጉጅለታት

መንግስቲ ኤርትራ ንዘይተመዝገባ ሃይማኖታዊ ጉጅለታት ከም ዘይሕጋውያን ይቖጽረንን ከምኡድማ ብወግዒ እምነተን ካብ ምኽታል ድማ ይኽልክለን። እተን ቀንዲ ፍሉጣት ዘይተመዝገባ ጉጅለታት ድማ ነዘን ዝስዕባ የጠቓልል፡ ወንጌላውያን (ኣመንቲ ጴንጠቆስጠን ሳብዐይቲ መዓልቲ ኣድቨንቲስታውያንን)፡ ሳላፊ ኣስላም፡ መሰኻክር የህዋ/ጆሆቫ፡ ኣይሁድ፡ ብሃይ፡ ሽዓ ኣስላምን ከምኡ'ውን ተኸተልቲ ኣፍሪቃዊ ጥንታዊ ሃይማኖት እዮም። ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣባላት እዘን ጉጅለታት ብቐጻሊ እዮም ዝብደሉን ዝእሰሩን ከምኡድማ ሲቪካውን ሰብኣዊ መሰሎምን ይንፈጉን። እምነት ኣልቦ ሰባት ውን ብተወሳኺ ሕጋዊ መሰላትን ማዕረ ምሕብሓብ ይኽሉኡን ናይ ምእሳር ሓደጋ ውን ኣለዎም። ኣብ ኤርትራ እምነት ኣልቦ ወይ

ኣግኖስቶሳዊ ሙ'ኟን ማለት መንግስቲ ንክኣስር ይደፍኣን ከምኡ ድማ ማሕበራዊ ጸቕጥን ተነጽሎን የስዕብ። እቲ መንግስቲ ብፍላይ ንመሰኻክር የህዋ/ጅሆቫን ሳላፊ ኣስላምን ከም ፖሎቲካዊ ሓይልታት ይርእዮምን ስለዚ ድማ ንጥፈታትቶም ብኸቢድ ይኽልክሎን እምነቶም ብምኽታሎም ድማ ብነዊሕ ማእሰርቲ ይቐጽዖምን።

## ኣወንታዊ ምዕባለታት

ኣብ 2020፡ ኣብ ኣስመራ ዘለው ሰበስልጣን ካብ ዝተፈላለያ ሃይማኖታትን እምነታትን ጠቕላላ 244 ናይ ሕልና እሱራት ፈቲሖም። ገለ ካብ'ዞም ናይ ሃይማኖት እሱራት ድማ ብቕድመ ኩነት እዮም ተፈቲሖም። እዞም ምፍታሓት ካብ ማእሰርቲ ን 22 መቶዲስት ክርስትያናት ኣብ ሓምለ፡ 101 ኣመንቲ ምስልምና ኣብ ነሓሰ፡ 27 ወንጌላውያን ክርስትያንን 66 ኣመንቲ ጰንጤቆስጠ ኣብ መስከረምን ከምኡድማ 28 መሰኻክር የህዋ/ጅሆቫን ኣብ ታሕሳስን የጠቓልል። ተዓዘብቲ ከም ከምዝብልዎ ድማ እዞም ምፍታሓት ንለበዳ ኮቪድ-19 ኣብ ዝተጨናነቑ ኣብያተ ማእሰርቲ ንምክልኻል ከምዝተገብሩ እዮም ዝገልጹ። ዋላ'ኳ እዞም ምፍታሓት ኣወንታዊ ስጉምትታት እንተኾኑ፡ ኣማኢት ሰባት እምነቶም ብምኽታሎም ኣብ ማእሰርቲ ተሪፎም ኣለው። ከም ተወሳኺ ምፍታሕ ናይ'ዞም እሱራት እቲ መንግስቲ ካብ'ቶም ቀይድታት ኣብ ልዕሊ ማሕበረሰብ ብሃይ፡ ኣዝዮም ውሑዳት ዝኾኑ ማሕበረሰብ ኣይሁድን ከምኡ'ውን ናይ ግሪክ ኦርቶዶክስን ውን ኣብ 2020 ብምፍኳስ ብወግዒ ከምልኹ ኣፍቂዱ ኣሎ። ብፍሉይ ከኣ፡ እቲ መንግስቲ ነቲ ናይ ብሃይ ማሕበረሰብ፡ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ማእከሉ ክነጥፍን ከምኡ ድማ ንኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ብሃይ ከም ንጡፍ ኣባል ኮይኑ ክሓብሮምን ፈቒዱ። እንተኾነ ግን እቲ መንግስቲ ናይ ብሃይ ማሕበረሰብ ናይ ወጻኢ ምወላ ካብ ምሕታትን ምቅባልን ከልኪልዎ ኣሎ። ብተወሳኺ ድማ፡ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ናይ ግሪኽ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስትያን ንህዝቢ ከም ናይ ቅርሲ ቦታን ከምኡ'ውን ከም ናይ ኣምልኾ ቦታን ኮይኑ ኣብ 2020 ተኸፊቱ። ናይ ግሪኽ ኦርቶዶክስ ምእመና ሙሉእ ዓመት ቀጻሊ ኣብኡ ኣምሊኾም።፡ ኣብ መወዳእታ፡ እቶም ውሑዳት ማሕበረሰብ ኣይሁድ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘሎ ቤተ መቕደሶም ከምልኹ ተፈቒድሎም እዩ።

## ዋና ፖሊሲ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ

ካብ 2010፡ ጀሚሩ ኤርትራን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ብምኽንያት ድኹም ዝኾነ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ኣምባሳደራት ኣይተለዋወጣን። እንተኾነ ግን ኣብ'ዚ ቀረባ ዓመታት እዘን ክልተ ሃገራት ክልተኣዊ ዝምድና ንምምሕያሽ ክሰርሓ ጸኒሐን ኣለዋ። ኣብ ግንቦት 2019 ብ ካረን ባስ(D-CA) ዝተመርሐ ልኡኽ ወኪል ባይቶ ኣሜሪካ ኤርትራ በጺሑ-እዚ ድማ ኣብ 14 ዓመታት ናይ መጀመርታ ባይቶኣዊ ምብጻሕ እዩ። ኣብ መስከረም 2019፡ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዲፓርትመንት ኦፍ ስተይት ወይ ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ኣሜሪካ ምስ ሰበስልጣን ኤርትራ ናይ ቀጥታ ዝርርብ ንምኽፋት ኣስመራ በጺሑ። ብተወሳኺ እቲ ልኡኽ ምስ ተነጣጠፍቲ ሰብኣዊ መሰላትን ናይ እምነት መራሕትን ተራኺቡ። ኣብ ክልቲኦም ምብጻሓት እቶም ልኡኻት ንኣገዳስነት ምዕባይ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት፡ እንከላይ ናጽነት ሃይማኖትን እምነትን ተንኪፎም። ንሳቶም ብተወሳኺ ንዘይሕጋዊ ምእሳር መራሕቲ ሃይማኖት፡ ናይ ሰብኣዊ መሰል ተነጣጠፍትን ፖሎቲካውያን መራሕትን ከምኡ ድማ ነቶም ናይ ሕልና ተቓወምቲ ዝኸውን ንኣድላይነት ምፍቃድ ካልእ መተካእታ ሲቪላዊ ኣገልግሎታት ዘትዮም። ኣብ መወዳእታ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ናይ ኣሜሪላ ኤምባሲ ናይ ኣሜሪካ ኤምባሲ ሲቪካውን ፖሎቲካውን መሰላት ኣብ ኤርትራ ንምስጓም ናኣሽቱ መንእሰያት ኤርትራ ናይ መሪሕነት ክእለቶም ንምህናጽን ኣብ ናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ ዞባዊ ናይ መሪሕነት ትምህርትን ከምኡድማ ኣብ ናይ ዋሽንግተን ዲሲ ስልጠናታት ክሳተፉን ጌሩ እዩ። ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ኣሜሪካ ንኤርትራ ነቲ ካብ 2004 ጀሚሩ ዘለዋ ትካላዊ፡ ቀጻልን ከቢድን ምግሃስ ናጽነት ናይ ሃይማኖት ከም ብፍሉይ እተሰክፍ ሃገር ሰምይዋ። ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ታሕሳስ 2፡ ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ኣሜሪካ ንኤርትራ ዳግማይ ሰምይዋን ከምኡ ከኣ ብመሰረት 22 CFR 126.1 ሕጋጋት ናይ ኣህጉራዊ ምንቅስቓስ ኣጽዋር ነቲ ናይ ኣጽዋር እገዳ ቀጺልዎን።